ደጀና ኬምካል ኢንጂነሪንግ ሓ/ዝ/ው/ማሕበር ኣብ እንዳሰላማ ኣብ ዝርከብ ፕሮጀክት ሳይቱ በዙሓት ግዜያውን ቀወምትን ሰራሕተኛታት ሓቑፉ ኣብ ምስራሕ ዝረከብ እንትኾውን ነዞም ሰራሕተኛታት ግልጋሎት ዝውዕል ፅሬቱ ዝሓለወን ብተመጣጣኒ ዋጋን ምግቢ፣ ልስሉስ ትኩስን መስተ ዘቕርብ ሞያን ልምድን ዘለዎ ትካል በዞም ኣብ ታሕቲ ዝተገለፁ መዐቀንታት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደሊ ነዚይ እተማልኡ ሕጋውያን ትካላት ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መስከረም 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 30, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 30, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/

ናይ ጨረታ መዐቀንታት

1 ተጫረቲ በዚ ዓውዲ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ፣ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኾኑ፣ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶኮፒን ብምትሕሓዝ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ መቐለ ልዕሊ ኣክሱም ሆቴል ኣብ ዝርከባ ጉና ህንፃ ቁፅሪ 401 50 ብር ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ኣብ መምርሒ ዕደጋን ቀረብን ብምቅራብን እቲ ሰነድ ክትወስዱ ትኽእሉ።

2 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብዝተዓሸገ ፖስታ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ መዓልቲ 15/01/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 30/01/2011 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8:00 ኣብ መቐለ ዋና መ/ቤት ነዚይ ተባሂሉ ኣብ ዝተተደለወ ሳንዱቅ ከእትው ይግባእ።
3 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብባንኪ ክፍሊት መአዘዚ ሲፒኦ ብር 15000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ቅርሺ) ብዝተዓሸገ ፖስታ ምስ ጨረታ ሰነድ ክኣቱ ይግባእ። ብፖስታ ዘይተኣሸገ ሲፒኦ ተቀባልነት የብሉን።

4 ጨረታ ዕለት 30/01/2011 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት 30/01/2011ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይከዓ ሕጋዊ ተወከልቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት መምርሒ ዕደጋ ዝኽፈት ኾይኑ ተጫረቲ ወይከዓ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኺቡ እቲ ጨረታ ኣይተኣጓገልን።

5ተጫረቲ ዘእትውዎ ዋጋ ግብሪ( ቫት ቲኦቲ ) ዘካትት ምኹኑን ዘይምኹኑን ክጠቅስ አለዎ እንተዘይኾይኑ እቲ ዘእተውዎ ዋጋ ግብሪ ዝሓወሰ ምኹኑ ተቆፂሩ ይውሰድ።

6 ሰዓራ ተጫረቲ እቲ ጨረታ ካብ ዝሰዓሮ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብቲ ፕሮጀክት ስራሕ ይጅምር። እዚይ ተዘይኾይኑ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ ናብ ትካል ኣተዊ ብምግባር ትካል ካልእ መማረፂ ይወስድ።

7 ተጫረቲ ኣብ ናይ ካልኦት ተጫረቲ ዋጋ ተመስሪቶም ዋጋ ምእታው ኣይፍቀድን።

8 ንፅሬት ምግቢን ከባቢን ዝለዓለ ግምት ሂቡ ዝሰርሕ ናይ ጥዕናን ፅሬትን ትካላት ዝሃበዎ ምስክር ወረቐት ዘቕርብ፤በብግዚኡ ካብ ጥዕናን ፅሬትን ተቆፃፀርቲን ትካላት እናዓደመ ብናይ ባዕሉ ወፃኢን ዘመርምርን ዘፈትሽን

9 ምስ ምግቢን መስተን ኣቕርቦት ዝተተሓሓዘ ብቅዓትን መረጋገፂን ድጋፍ ምስክር ወረቐት ኣተሓሒዙ ዘቕርብ

10 ብዘቕርቦ ምግቢን መስተን ንዝፍጠር ናይ ጥዕና ፀገማት ናይ ኣቕርቦት ሕፅረት ምድንጓይ ሓላፍነት ዝወስድ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ተጫራታይ ውዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ግዜ ኣትሒዙ ንሓደ ዓመት ኣብ ስራሕ ይፀንሕ

12 ትካል ማይ፣ኤሌክትሪክ መመገቢን መስረሒን ቦታ ብነፃ ዘቕርብ ኮይኑ ካብኡ ወፃኢ ዘለው ቀወምትን ሓለቅቲን ናይ ምግቢን መስተን መሳርሒታት ባዕሉ የቅርብ

13 ግዜያዊ ሰራሕተኛታቱ መንበሪ መዕረፊን መፅለሊ ካብቲ መመገቢን ፋብሪካን ወፃኢ ኣብ ዝወሃቦ ቦታ ዘስርሕ ናይ ንብረቱን መሳርሒን መኽዝን ብናይ ባዕሉ መሓውር ዝቆፃፀር

14 እዚ ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ስ.ቁፅሪ 0344-405061/0344-417201

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle